Kanton Bern
Canton de Berne

hallo–bern.ch
salut–berne.ch

# Kanton Bern

ሓጺር ሌላ
ፖለቲካዊ ስርዓት
ሃይማኖት
ናይ ዕረፍቲ ግዜ/ነጻ ግዜ

**hallo-bern.ch**
**ኣብቲ ሓድሽ መንበሪ ጽቡቕ ጅመራ ንምጅማር ዚሕግዝ ሓበሬታ**
Kanton Bern

# ሓጺር ሌላ

ካንቶን በርን ሓደ ካብቶም 26 ካንቶናት (ኣባል ካንቶናት) ስዊዘርላንድ'ዩ። ብብዝሒ ነበርቱ ከኣ ካልኣይ ደረጃ ይሕዝ። ንክፋላት ተዛረብቲ ቋንቋ ጀርመንን ፈረንሳን ስዊዘርላንድ ከም መራኸቢ ድልድል ምኳን ከኣ ፍሉይ መለለዪኡ'ዩ ።

## ጭብጥን ክውንነትን

ካንቶን በርን ልዕሊ ሓደ ሚልዮን ነበርቲ ኣለዉዎ። 16 ሚእታዊት ካብዚኣቶም ወጻእተኛታት'ዮም። እዚ ዳርጋ ሽድሽተ ሽሕ ትርቢዒት ኪሎ ሜተር ዝስፍሓቱ ካንቶን፡ 346 ምምሕዳር ከተማታትን (Gemeinden | Communes) 10 ምምሕዳር ከባቢታትን ኣለውዎ። ርእሰ ከተማኡ ድማ በርን'ያ። ወግዓውያን ቋንቋታት ጀርመንን ፈረንሳን'የን። ክልተ ቋንቋ ዝዝረቦ ምኳኑ ብፍሉይ ከም ዝጥመት ይገብሮ።

## ታሪኽ

ካንቶን በርን ልዕሊ 800 ዓመት ዝሽይድ ታሪኽ ኣለዎ። ከተማ በርን ብ1191 ተመስሪታ። ድሕሪኡ ቀጻሊ ዕቤት ኣርእያ። ገዲም በርን ብ1798 ብጎበጣ ሰውራ ፈረንሳ ዓንያ። ብ1831 ዲሞክራሲ ክዕምብብ ጀሚሩ። ንፈለማ እዋን ቅርጺ ዝሓዘ ሕጊ ብሓድሽ ቅዋም ቆይሙ። ብ1848 ከተማ በርን ርእሲ ከተማ ክትከውን ተወሲኑ። ብ1979 ካንቶን ዩራ ብሰለስተ ካብ ካንቶን በርን ዝተፈልዩ ምምሕዳራት ተመስሪቱ።

## ባህልን ልምድን

ኣብ ዝተፈላለዩ ምምሕዳር ከተማታትን ከባቢታትን ካንቶን በርን፡ ዝተፈላለየ ባህልን ልምድን ኣሎ። ካንቶን በርን ዝልለየሉ ፍሉይ ባህልን ልምድን የለን። ኣብ ኢመንታል ዝበዓል ካብቲ ኣብ ሲላንድ ዝበዓል ይፍለ። ከምኡ'ውን እቲ ኣብ በረኽቲ ቦታታት ካንቶን በርን ዝኽበር ባህልን ልምድን፡ ካብቲ ኣብ ከበሳታትን ዩራን ዝኽበር ይፍለ። ነፍስ ወከፍ ከባቢ ናቱ ፍሉይ ወግዒ ኣለዎ። ካንቶን በርን ንባህልን ልምድን ዝሕብር ዝርዝር ሓበሬታ ኣለዎ። ኣብ መርበብ ሓብሬታ ተዳህሲሱ ክርከብ ይከኣል።

## ዝያዳ ሓበሬታ (ሊንክኣድራሻታት ብሮሹራት ቡለቲን)

www.hallo-bern.ch/ti/canton-of-bern/brief-portrait

# ፖለቲካዊ ስርዓት

ፖለቲካዊ ስልጣን ስዊዘርላንድ ኣብ ሰለስተ ይኽፈል። መንግስቲ፡ ካንቶን(ኣባል ካንቶናት)ን ምምሕዳራትን። ስዊዛውያን ኣብ ፖለቲካዊ ውጥናት/ፕሮጀክታት ድምጺ ብምሃብ ክሳተፉ ይኽእሉ።

## ፌደራላዊት ሃገረ ስዊዘርላንድ

ፌደራላዊት ሃገረ ስዊዘርላንድ ብ1848 ተመስሪታ። ርእሲ ከተማኣ በርን እያ። ሓድነት ስዊዝ ኣብ ብሔር፡ ሃይማኖት ወይ ቋንቋ ዝተመስረተ ኣይኮነን። ኩሎም ባህልታት ብወለንታ ብሓባር ዝተጠርነፉ ብምዃኖም፡ "ሃገረ-ድልየት"(Willensnation|"Nation par volonté") ክሰምያ ይኽእል። ስዊዘርላንድ ኣብ ዓለምለኻዊ ፖለቲካ ሻራ ዘይብላ ሃገር ኢያ።

## ፈደራላዊ ስርዓት

ኣብ ስዊዘርላንድ ካንቶናትን ምምሕዳራትን (ከተማታትን ከባቢታትትን) ልዑል መሰል ምውሳን ኣለዎም። ፖለቲካዊ ብቕዓትን ሓጋጊ ኣካልን ኣብ መንጎ ፌደራላዊ መንግስቲ፡ ካንቶናትን ምምሕዳራትን (ከተማታትን ከባቢታትን) ዝተመቓርሐ ብምዃኑ (Subsidiaritätsprinzip | principe de subsidiarité) ፌደራላዊ ስርዓት (Föderalismus | Fédéralisme) የስምዮ። እተን 26 ካንቶናትን ልዕሊ 2000 ምምሕዳራትን (ከተማታትን ከባቢታትን) ምሉእ መንግስታዊ ቅርጺ ኣለወን። ካንቶን በርን ናይ ገዛእ ርእሱ ቅዋም፡ መንግስታዊ ምሕደራ፡ ባይቶን ቤት ፍርዲን ኣለዎ። ብዙሓት መንግስታዊ ንጥፈታት ንምትግባር ካንቶናትን ምምሕዳራትን (ከተማታትን ከባቢታትን) ሓላፍነት ይስከሙ። ስለዚ'ዩ ከኣ ንኣብነት ስርዓተ ትምህርቲ ካብ ካንቶን ናብ ካንቶን ዝፈላለ። ፌደራላዊ ሕጊ ኣብ መላእ ስዊዘርላንድ ተፈጻምነት ክህልዎ እንከሎ፣ ሕጋጋት ካንቶናት ኣብ ክሊ ምሕደራኦም ጥራይ ይትግበር። ምምሕዳራት'ውን (ከተማታትን ከባቢታትን) ናይ ገዛኣ ርእሰን ሕጋጋት ክሕንጽጻ ይኽእላ። ምምሕዳራት ከባቢታት፡ ካንቶናትን ፌደራላዊ መንግስትን መካየዲ ንጥፈታቶም ግብሪ ይስልዑ።

## ምምቕራሕ ስልጣን

ስልጣን ኣብ ሓደ ንኸይጥቕለልን ምዕሩይ ምቕርሐ ንክህሉን፡ ኣብ ሃገረ ስዊዝን ኣብ ካንቶናትን ስልጣን ኣብ ሰለስተ ርእሰን ዝኸኣላ ኣካላት ይኽፈል። ንሳተን ከኣ ሓጋጊ ኣካል(gesetzgebende Gewalt | autorité legislative)፡ ፈጻሚ ኣካልን (gesetzesausführende Gewalt | autorité exécutive) ፈራዲ ኣካልን (richterliche Gewalt | autorité judiciaire) እየን። ኣብ ካንቶን በርን ዕማም ሰብ መዝታት ነዚ ዝስዕብ ይመስል።

- ሓጋጊ ኣካል/ Legislative ፡ ላዕለዋይ ቤት ምኽሪ (Grosser Rat | Grand Conseil) (ኣብ ነፍስ ወከፍ ኣርባዕተ ዓመት ዝምረጹ 160 ኣባላት ኣለውዎ)። ቋንቋ ፈረንሳ ዝዛረብ ወገን ካንቶን በርን ዝኾነ በርነር ዩራ፡ ኣብ ሓጋጊ ኣካል ናይ 12 መናብር ሕዙእ ቦታ ኣለዎ።
- ፈጻሚ ኣካል (መንግስቲ) (Regierungsrat | Conseil-exécutif)፡ መንግስታዊ ቤት ምኽሪ / (Regierungsrat | Conseil éxécutif) ( ኣብ ነፍስ ወከፍ ኣርባዕተ ዓመት ዝምረጹ ሸውዓተ ኣባላት ኣለውዎ)። በርነር ዩራ ሓደ ሕዙእ መንበር ኣለዎ።
- ፈራዲ ኣካል/ Judikative ፦ ዝተፈላለዩ ኣብያተ ፍርዲ ብደረጃ ካንቶን በርንን ምምሕዳራትን (ከተማን ከባቢን) ኣለዉ።

ምምሕዳር ከተማታት'ውን ፈጻሚ ኣካል (Gemeindeversammlung oder Parlament) ባይቶ ምምሕዳር ከተማን፡ ሓጋጊ ኣካል (Gemeindeversammlung | Assemblée Communale) ቤት ምኽሪ ምምሕዳር ከተማ ወይ ከባብን ኣለዎ። ብደረጃ ሃገር ሓጋጊ ኣካል ክልተ ጨናፍር ኣለውዎ። ሃገራዊ ቤት ምኽርን ቤት ምኽሪ ምምሕዳራትን (National- und Ständerat | Conseil national et Conseil des Etats)። ሃገራዊ መንግስቲ (ብሸውዓተ ኣባላት ይምራሕ) ቡንደስራት (Bundesrat | Conseil fédéral) ይበሃል። ብደረጃ ሃገር ዝተፈላለዩ ኣብያተ ፍርዲ ኣለዉ። ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ፡ ከም ዝለዓለ ፈራዲ ኣካል፣ ንኣብነት ኣብ ኣብያተ ፍርዲ ካንቶናት ዝተወሰኑ ጉዳያት ናብኡ ክመሓላለፉ ይኽእሉ።

## ዲሞክራሲያዊ መሰል

ስዊዛውያን ክመርጹን ክምረጹን መሰል ኣለዎም። ብደረጃ ምምሕዳር ከተማ/ከባቢ፡ ካንቶንን ፌደራላዊ መንግስትን ፖለቲካዊ መራሕቶም ክመርጹን ንባዕሎም'ውን ክወዳደሩ ይኽእሉ። ብተወሳኺ ዜጋታት ስዊዝ ብደረጃ ምምሕዳር ከተማ/ከባቢ፡ ካንቶንን ሃገረን ኣብ ዝግበሩ ፖለቲካዊ ውሳኔታት ብመልክዕ ሪፈረንዱም ህዝባዊ ድምጺ ይህቡ (ቀጥታዊ ዲሞክራሲ)። ዜጋታት ብህዝባዊ ተበግሶ ናይ ገዛእ ርእሶም ርእይቶን ሕቶን ኣብ ምርጫ ከቕርቡ ይኽእሉ። ወጻእተኛታት ነበርቲ ካንቶን በርን ክመርጹን ክምረጹን መሰል የብሎምን። ይኹን ደኣ'ምበር ኣብ ፖለቲካዊ ጉዳያት ብንጥፈት ናይ ምውሳእን ንሓሳባቶምን ርእይቶኦምን ኣብ ዝምልከቶም ሰብ መዚ ከብጽሑን ዘኽእሉ ዝተፈላለዩ ኣገባባት ኣለዉ-። - ኣባል ፖለቲካዊ ሰልፊ፡ ማሕበራት ወይ ክለባት ምኧን - ኣብ ኮምሽናትን ካልኦት ትካላትን ምስታፍ - ምቅራብ ጥርዓን/ፐቲሽን - ብመልክዕ ደብዳቤ ናብ ኣንበብቲ ወይ ኢንተርነት ምዝርጋሕ። ኣብ ገለ ምምሕዳር ከተማታት/ከባቢታት ንስደተኛታት ዕድል ምስታፍ ዝህቡ ኣካላት ኣለዉ።ንኣብነት መድረኽ ተሳታፍነት ስደተኛታት በርን።

## መሰረታዊ መሰላት

ኣብ ስዊዘርላንድ እቶም ዝበረኹ ሕጋዊ መርሓታት መሰል፡ ኣብ ሃገራዊ ቁዋም (Bundesverfassung | Constitution) ዝሰፈሩ'ዮም። እቲ ቀንዲ ክፋል ፌደራላዊ ቅዋም፡ እቶም ኣብ ኣዋጃት ሰብኣዊ መሰላት ኤውሮጳ (EMRK | CEDH) ዝተመርኮሱ መሰረታዊ መሰላት'ዮም። እዚኦም ደቂ ሰባት ንኽህልዉ ( ንኣብነት ናይ ምንባር መሰል: መሰል ምርካብ ሓገዝ ኣብ ሓደገኛ ኩነታት)፡ ካብ መንግስታዊ ጎንጺ ኣብ ልዕሊ ውልቀሰባት፣ ዓመጽቲ ጉጅለታትን ብዙሕነት ዘለዎ ወገንን ይከላኸሉ። እዚ መሰላት፡ ሰባት ብሰንኪ ሕብሪ ቆርበቶም፡ ዓሌቶም፡ ሃይማኖቶም፡ መበቆሎም፡ ቋንቋኦም፡ ዕድሚኦም፡ ጾታዊ ዝምባሌኦምን ኣካላዊ ወይ ስነ ኣእምሮኣዊ ስንክልናኦምን ግዳይ ኣድልዎን ዓመጽን ከይኮኑ ውሕስነት ይህቦም። እዚ ውሕስነት'ዚ ዓይነት፡ መንበሪ ፍቓድን ዜጋ ናይ ምኧንን ዘይምርኮስ፡ ንኹሉ ብማዕረ ዝወሃብ'ዩ። ኣብ ካንቶን በርን ግዳይ ኣድልዎ ዝኾኑ ነጻ ኣገልግሎት ምኽርን ደገፍን ይረኽቡ። ግዳይ ኣድልዎ ዝኾኑ ሰባት ኣብ መወከሲ ቦታታት ምውህሃድ ወይ ንሰብ ሞያ (gggfon, RBS) ክውከሱ ይኽእሉ። ኣብ ስዊዘርላንድ ናጽነት ሃይማኖት፡ ምሃብ ርእይቶን ምዝርጋሕ ጽሑፍን ዝተሓለወ ኢዩ።

## ዝያዳ ሓበሬታ (ሊንክኣድራሻታት ብሮሹራት ቡለቲን)

www.hallo-bern.ch/ti/canton-of-bern/political-system

# ሃይማኖት

ስዊዘርላንድ ብልምዲ ሃገረ ክርስትያን ኢያ። ኣብ'ዚ እዋን'ዚ ግን ብርክት ዝበሉ ሕብረተ ሰባት ተኸተልቲ ካልኦት ሃይማኖታታት ይነብሩ ኣለዉ። ብዙሓት ስዊዛውያን ዝኾነ ሃይማኖት ዘይክተሉ ኣለዉ። ኣብ ስዊዘርላንድ ውሑስ ናጽነት ሃይማኖት ክህሉ እንከሎ መንግስታዊ ኣብያተ ትምህርቲ ከኣ ዝኾነ ሃይማኖታዊ ጸግዒ ዘይሓዛ'የን።

## ሃይማኖትን ሃገርን

ስዊዘርላንድ ብልምዲ ብሃይማኖት ክርስትና ዝተቀርጸት'ያ። ኣብ መንጎ ሃይማኖትን መንግስትን ዘሎ ዝምድና ምውሳን፡ ሓላፍነት ካንቶናት'ዩ ። ኣብ መብዛሕተአን ተዛረብቲ ቛንቋ ጀርመን ዝኾና ካንቶናት ስዊዘርላንድ፡ እንኮላይ ካንቶን በርን፡ ትካላት ሃይማኖት ክርስትያን ከም ህዝባዊያን ሕጋዊያን ትካላት (ሃገራውያን ኣብያተ ክርስትያናት) ኣፍልጦ ይወሃበን። እዚ ማለት ከኣ መንግስቲ ንገለ መሰላተን ውሕስነት ይህበን። ብንጹር ንምጥቃስ፡ እተን ቤተ ክርስትያናት ካብ ኣባላተን ግብሪ ክእክባ ይኽእላ። ኣብ ካንቶን በርን ሮማዊት ካቶሊካዊት ቤትክርስትያን፡ ቤተክርስትያን ተሃድሶን ካቶሊካዊት ቤተ ክርስትያንን ሃገራውያን ቤተ ክርስትያናት'የን። ኣይሁዳውያን ሕብረተ ሰብ ብ1997 ኣብ በርንን ቢልን ህዝባዊ ኣፍልጦ ተዋሂብዎም።

## ሃይማኖታዊያን ማሕበራት ካንቶን በርን

ኣብ ካንቶን በርን፡ ኣብ ርእሲ'ተን ብህዝባዊ ሕጊ ኣፍልጦ ዘለወን ሃይማኖታዊ ትካላት (ሃገራውያን ኣብያተ ክርስትያን)፣ ካልኦት ብርክት ዝበሉ ተኸተልቲ ካልእ ሃይማኖታት ዝኾኑ ማሕበረ ሰብ ኣለዉ። መብዛሕትኦም ነበርቲ ካንቶን በርን ተኸተልቲ ሃይማኖት ክርስትና'ዮም። ኣብዘን ዝሓለፋ ዓመታት ግን ቁጽሪ ኣመንቲ ሃይማኖት ምስልምና እናዓበየ መጺኡ። ዳርጋ ሓደ ርብዒ ነበርቲ ካንቶን በርን ተኸተልቲ ዝኾነ ሃይማኖት ኣይኮኑን።

## ሃይማኖታዊ ናጽነት

ሃገራዊ ቅዋም ስዊዘርላንድ ንናጽነት ሃይማኖት የውሕስ። ዝኾነ ሰብ ናይ ገዛእ ርእሱ እምነት ክኽተልን፣ንዘለዎ ጽኑዕ እምነት ክገልጽን ክዝርግሕን መሰል ኣለዎ። ዋላ ሓደ ሰብ ተገዲዱ ኣብ ሓደ ሃይማኖት ክኣቱ ወይ ኣብ ሓደ ናይ ሃይማኖት ጎስጓሳት ክሳተፍ ኣይከኣልን። ሰባት ተጠርኒፎም ሃይማኖታዊ ወግዕታቶም ከኽብሩን ክጽንብሉን ይኽእሉዮም። ዋላ ሓደ ሰብ ብሰንኪ ሃይማኖቱ ወይ እምነቱ ክውገን ወይ ክንጸል የብሉን።

## ሃይማኖትን ትምህርቲን

እቲ ግቡእ መሰረታዊ ትምህርቲ ካብ ጸግዒ ዝኾነ ሃይማኖት ነጻ'ዩ። እዚ ማለት ግን ሃይማኖታዊ ኣርእስትታት ኣይትንከፍን'ዩ ማለት ኣይኮነን። ኣብ መንጎ ክልተ ዓይነት ሃይማኖታዊ ትምህርቲ፡- ብሃገራውያን ኣብያተ ክርስትያን ዝወሃብ ዞባዊ ሃይማኖታዊ ትምህርትን ብኣብያተ ትምህርቲ ዝወሃብ ሃይማኖታዊ ትምህርትን "ስነ ምግባርን ሃይማኖትን ሕብረተ ሰብን" ይፈላለ ኢዩ። እዚ ዓይነት ትምህርቲ'ዚ ነቲ ንኹሉ ዝትንክፍ ሃይማኖታውን ስነ ምግባራውን ጉዳያት ይድህስስ። ኣብ መባእታውን ኣብ ቀዳማይ ደረጃ ላዕለዋይ ጽፍሕን ግዴታዊ ዓይነት ትምህርቲ'ዩ። ተሳታፍነት ኣብ ቤተ ክርስትያናት ናይ ዝወሃብ ትምህርቲ ወለንታዊ'ዩ። ተኸተልቲ ካልኦት ሃይማኖታት ሓድ-ሓደ እዋን ንደቆምን ንሕብረተ ሰቦምን ካብ ስሩዕ ትምህርቲ ወጻኢ ሃይማኖታዊ ትምህርቲ ይህቡ።

## ዝያዳ ሓበሬታ (ሊንክኣድራሻታት ብሮሹራት ቡለቲን)

www.hallo-bern.ch/ti/canton-of-bern/religion

# ናይ ዕረፍቲ ግዜ/ነጻ ግዜ

አብ ካንቶን በርን፡ ነጻ ግዜኹም ተሕልፉሎም ብርክት ዝበሉ መሰጥቲ ናይ መዘናግዒ ቦታታትን ዕድላትን ኣለዉ። ኣብ'ዚ ክለባት/ማሕበራት ፍሉይ ግደ ኣለወን። ንሰን ምስ ብዙሓት ካልኦት ሰባት ንኽትላለዩ ይሕግዛ።

## ማሕበራት/ክለባት

ኣዚዮም ብዙሓት ነበርቲ ካንቶን በርን፡ ኣባላት ናይ ዝተፈላለዩ ማሕበራት ወይ ክለባት'ዮም። ዝተፈላለየ ዕላማ ዘለወን ማሕበራት/ክለባት ኣለዋ። ኣብ ንኣሽቱ ምምሕዳር ከባቢታት ከይተረፈ፡ ናይ ስፖርት፡ ናይ ባህልን ካልእን ማሕበራት/ክለባት ኣለዋ። እዚኣተን ምስ ካልኦት ሰባት ንምርኻብ ጽቡቕ ዕድል ይፈጥራ። መብዛሕተአን ማሕበራት/ክለባት ንኩሎም ሰባት ክፉታት እየን። ነዘን ማሕበራት ዝምልከት ሓበሬታ፡ ኣብ መርበብ ሓበሬታ ምምሕዳር ከባቢ ይርከብ።.

## ኣቕርቦት ዕድላት ንቆልዑን መንእሰያትን

ኣብ ካንቶን በርን፡ መንእሰያት ነጻ ግዜኦም ዘሕልፉሉን ምስ መዛኑኦም ዝላለዩሉን ብዙሓት ፍሉያት ዕድላት ኣለዉ። ኣብ ብዙሓት ምምሕዳራት መራኸቢ ማእከላትን ነጻ ግዜ ተሕልፉሎም ቀረባትን ኣለዉ። ኣብዚ መንእሰያት ሓሳባቶምን ፈጠራውነቶምን ንከርእዩ፡ ፕሮጀክትታት ክውጥኑን ከተግብሩን (Jugendarbeit | animation de jeunesse) ይተባብዑ። ከም ልሙድ እዞም ዕድላት በነጻ ብዘይ ክፍሊት'ዮም። ማሕበራት መንእሰያት፡ መንእሰያት ምስ መዛኑኦም ንጥፈታት ንምክያድን፡ ኣብ ተፈጥሮ ስፖርታዊ ንጥፈታት ንምክያድ ይሕግዛ። ነዞም ዕድላት ዝቕርቡን ዘካይዱን ማሕበራት፡ ቤት ጽሕፈት ምምሕዳራትን ቤተ ክርስትያናትን'ዮም። እዞም ዕድላት ንኩሎም መንእሰያት ክፉታት እዮም። ካብ ቤት ጽሕፈት እትነብሩሉ ምምሕዳር ከባቢ ዝያዳ መብርሂ ክርከብ ይከኣል።

## ዑደትን ባህልን

ኣብ ካንቶን በርን ብብዙሓት ዕድላት ዑደትን ምዕቡል ባህልን ኣሎ። ብነኣሽቱ ከተማታት፡ ብኣባይቲ ምርባሕ እንስሳታትን ዓበይቲ ታሪኻውያን ቀጽርታትን ዝወቀበ ቅርጺ መሬት ኣለዎ። ብተወሳኺ ብዙሓት ንጉዕዞ እግርን ምዝዋር ብሽክሌታን ዝኾኑ መስመራት ኣለዉዎ። ብዙሓት ቤተ መዘክራት፡ ብዝተፈላለዩ ቴማ ኤግዝቢሽን የቕርባ። ንኣብነት ማእከል ፓወል ክሊን ቤተ መዘክር ኣርት በርንን ኣብ ስዊዘርላንድ ስሙያት'ዮም። ማሕበር ቱሪዝም በርን "Made in Bern" ንዕድላት ዑደትን ምስኡ ዝተኣሳሰር ኣርእስትታን ዝምልከት ሓበሬታ ይህብ። ንባህላዊ ምርኢታትን ኣጋጣሚታትን ዝምልከት ሓበሬታ ኣብ ጋዜጣታታት ወሽቲ ካንቶን'ውን ክርከብ ይከኣል።

## ወለንታዊ ስራሕ

ወለንታዊ ስራሕ፡ ንደቂ ሰብን ንኣከባብን እተበርክትዎ ኣስተዋጽኦ ኮይኑ ደሞዝ ዘይክፈሎ'ዩ። ኣብ ስዊዘርላንድ ብርክት ዝበሉ ንጥፈታት፡ ብልምዲ ብወለንታዊ ስራሕ ይሽፈኑ። ዝዓበየ ክፋል'ዚ ዕዮታት ብማሕበራት ይዕመሙ። በዚ መሰረት ሰባት ኣብ ማሕበራት/ክለባት ባህሊ፡ ስፖርት፡ ማሕበራዊ ጉዳያት፡ ስልጠናታት/ትምህርቲ፡ ምዕቓብ እንስሳታትን ኣከባብን፡ ጥዕናን ካልእ ዓውድታትን ክሳተፉ ይኽእሉ። ንወለንታዊ ስርሓትን ዕዮታትን ዝምልከት ሓበሬታ ንኣብነት ካብ ማእከል ሓበሬታ ወለንታዊ ንጥፈታት በነቮል (Benevol)፡ ካሪታስ በርን ከምኡ'ውን ካብ ማሕበር ቀይሕ መስቀል ስዊዘርላንድ (SRK | CRS) ጨንፈር በርን ክርከብ ይከኣል። ኣብ ስደተኛታትን ሓተቲ ዑቑባን ዘተኮረ ወለንታዊ ንጥፈታት ካብ መሻርኽቲ ቤት ጽሕፈታት ካንቶን በርን ይርከብ። ኣድራሻታት ኣብ ታሕቲ ሰፈሩ ኣብ ዘሎ መርበብ ሓብሬታ ኣሎ። ብተወሳኺ ኣብ መወከሲ ኣድራሻታት ንስደተኛታት ቤተ ክርስትያናት (KKF | OCA) ክርከ ብይከኣል።

## ስፖርት / ባህሊ / ትምህርቲ (ስልጠና)

ኣብ ካንቶን በርን ብዙሓት ስፖርታዊ፡ ባህላውን ትምህርታውን ኣጋጣሚታት ኣለዉ። ነዚ ዝምልከት ሓበሬታ ካብ ቤት ጽሕፈት እትነብሩሉ ኣከባቢ ወይ ትካል ቱሪዝም ክትረኽቡ ትኽእሉ። ምስ ካብ ካሪታስ ብዝውሰድ ካርድ ኩልቹር ሌጊ (Kulturlegi-Ausweis | CarteCulture)፡ ብውሑድ ገንዘብን ዝነከየ ዋጋን፡ ኣብ ንጥፈታት ስፖርትን ባህልን ዕድላት ስልጠናን ክትሳተፉ ትኽእሉ። እዚ ካርድ'ዚ ካብ ቤት ሕፈት ካሪታስ ክጥለብ ይከኣል። ካሪታስ ብዛዕባዚ ሓብሬታ ይህብን መን እዚ ካርድ ክወሃቦ መሰል/ግቡእ ከምዘለዎ የረጋግጽን።

## ዝያዳ ሓበሬታ (ሊንክኣድራሻታት ብሮሹራት ቡለቲን)

www.hallo-bern.ch/ti/canton-of-bern/leisure